# ጋዜጣዊ መግለጺ

2007-12-19

”ብርሃን ንህዝብና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ሽወደናዊ ኤርትራዊ መጋባእያ ንልምዓታዊ ምትሕግጋዝ (ሴሪ ፎርም) 11 000 ቆጸርቲ ጸዓት ኤሌክትሪክ፡ ዋጋ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ክሮነር ዝትመን ናብ ኤርትራ ልኢኹ።

እዚ ካብ ኡመዮ ኤነርጂ (Umeå Energi) እትበሃል፡ ኣብ ከተማ ኡመዮ እትርከብ ትካልን፡ ካብ ሉንድ ኤነርጂን፡ (Lunds Energi AB) ብሓገዝ ዝተረኸበ ቆጸርቲ ጸዓት፡ መቐጸልታ ነቲ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ብኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ዮትቦሪ ዝተበገሰ ሰናይ ፕሮጀክት እዩ። ብተመሳሳሊ ብ 2004 ዓ.ም ካብ ቫለንቱና (Elverket Valentuna)10 000 ቆጸርቲ ጸዓት ከም ዝተሰደደ ይዝከር።

ብሰራሕተኛታት ትካል መካይን ቮልቮ ዝቖመ Volvoanställdas u-hjälpsförening ዝበሃል ማሕበር ምትሕግጋዝ፡ ክፋል ወጻኢታት መጓዓዝኡ ንምሽፋን፡ ንካልኣይ ግዜ ኣስታት 60 000 ክሮነር ወፍዩ።

መንግስቲ ኤርትራ 158 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ብምግባር ኣብ ሕርጊጎ 88 ሜጋዋት ናይ ምምንጫው ዓቕሚ ዘለዎ መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝሃነጸ ይዝከር። ናብ ገጠራት ኤርትራ ንምብጽሖ ንዝካይዶ ዘሎ ስራሕ ንምቅልጣፍ፡ ኣባላት ሴሪ ፎርም ኣብ ኩለን ከተማታት ሽወደን ቀጻሊ ምእካብ ቆጸርቲ ጸዓት ከም ዝህሉ ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

በዚ ኣጋጣሚ ሴሪ ፎርም ንፕሮጀክት ብርሃን ንህዝብና ኣብ ምስልሳል ንዝተሓጋገዛ ሽወደናውያን ትካላት ጸዓት ኡመዮ ኤነርጂን ሉንድ ኤነርጂን ከምኡውን ኣብ ምጥርናፍ ጽዕነት ንዝትሓጋገዙ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኡመዮ ብልቢ የመስግን።

ብዘይካ እዚ፣ ካብ ሓንቲ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ላንድቨተር እትርከብ ትካል ዝተውፈየ፣ ክሳብ 50 ሜትሮ ዕምቆት ካብ ዘለዎ፣ ማይ ክስሕባ ዝኽእላ ክልተ ፓምፕ ምስ ሻምብቆታተን ከም ዝተላእከ ሴሪ ፎርም ሓቢሩ።

ሴሪ ፎርም ፕሮጀክት ”ብርሃን ንህዝብና” ንምዕዋት ደገፍን ምትብባዕን ናይ ኩሉ ተገዳሲ ከምዘድሊ እናዘኻኸረ፡ ብቐረባ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.seriforum.org ንኽትከታተሉ ይዕድም።

Svensk-Eritreanskt Forum för
Utvecklingssamarbete (S-ERI Forum)

Box 130 49
103 01 Stockholm

info@seriforum.org

073-704 88 87, 070-445 12 51

www.seriforum.org

